# ዓውደ ዘተ ኣ/ኣ  ሃማደኤ ዞባን

# ጨናፍርን ኤውሮጳ ኣብ ጀርመን ተኻይዱ

ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳ ንውድባዊ ኣሰራርሓ ሃማደኤ ንምውህሃድን ንምሕያልን ዝዓለመ ዓውደ ዘተ ንኣ/ኣ ዞባን ኣ/ኣ ጨንፍርን ሃማደኤ ኤውሮጳ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሃማደኤ ካብ ዕለት 15 ክሳብ 17.02.2013 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ተኻይዱ።

እዚ ንሰለስተ መዓልትታት ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ፡ ንውድባዊ ኣሰራርሓ ሃማደኤ ንምሕያል፡ ንምድልዳል ንምውህሃደን ለውጢ ንምምጻእ ዝዓለመ ዓውደ ዘተ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ነቲ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ሃማደኤ ንምውህሃድ ምድልዳልን ኮይኑ፡ ኣብቲ ካልኣይን ሳልሳይን ክፋሉ ድማ ነቲ ዘለና ተሞኩሮታት ብምድህሳስ ሰፍሕ ክትዓት ብምክያድ ዘሎ ምዕባሌታትን  ብድሆታትን ሃማደኤ ኤውሮጳ ገምጋም ተኻይዱ፡

ኣብ መወዳእታ እዚ ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ፡ ውዳቤና ከነሕይል፡ ውህደትና ከነተርር፡ ተካእትና ዝኾና መንእሰያትና ክንጥርንፍ ዘኽእለና ዓውደዘተ ከምዝነበረን፡ ዓቢ ትምህርቲ ከምዝቀሰማ እንዳሓበራ፡ በብእዋኑ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓውደ ዘተ ንኽቅጽል ተላብየን።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣ/ኣ ሃማደኤኤ

18.02.2013